**ኤርትራዊ ማሕበረኮም ኣብ ኦረብሩን ከባቢኣን ነቲ ኣብ ዕለት 25 ሰኑይ ዘዉግሔ ለይቲ ዝተፈጸመ ንባህላዊ ማእከላት ኤርትራዉያን ኣብ ስተክሆልም ዘዕነወ ግብረሽበራዊ ፍጻሜ ብሓይሊ ይኹንን።**

ነቲ ማእከል ባህልን ስነጥበብን ማእከል መንነትን ክብርን ማእከል ሓድነትን ሓይልን ናይ ኤርትራዉያን ዝኾነ ማሕበረኮማት ከተቃጽል ማለት ኣብ ልቢ ኤርትራዉያን ጭማራ ምትካል ማለት`ዩ።ነዚ ኣሽባርን ገበነኛን ተግባር እዚ ከኣ ደጊምና ንኹንኖ።ንመንግስትን ፖሊስን ሽወደን ከኣ ብህጹጽ ነዚ ጉዳይዚ ኣጻርዩ ንገበነኛታት ኣብቅድሚ ሕጊ ከቕርቦምን ማዕረ-ገበኖም ክቕጽዑን ንምሕጸን።

ኩቡራት ኤርትራዉያን ኣሽበርቲ ንኩቡር ናይ ምጽውዋር ባህልና፤ ንክብርን ታሪኽን ብዙሕነትና፣ ንመንፈስ ሓይሊ ሓድነትና፣ ከህጉጉን ከልምሱን ኣብ ኩለን ኤምባሲታት ሃገር ኤርትራ ናይ ምዕናዉን ምብልሻዉን ንክብሪ ኤርትራዉነት ዝጻረር ኣሉታዊ መንፈስ ኣዕናዉን ዘይሓላፍነታዉን ስራሕ ፈጺሞም ኢዮም፤ ነዚ ዋንነቱ ህዝቢ ዝኾነ ባህላዊ ማእከላት ምቅጻል ከኣ መቐጸልታ ናቱ እዩ፤ ሎሚ ቀይሕ መስመር ዝሰገሩ ካብ ናይ ኤርትራዊ ባህልን ስነምግባርን ዝተገለሉ ተጻረርቲ ባእታታት ኣዕናዊ ተግባራት ክቕጽሉ ስቕ ኢልካ ምርኣይ ከኣ እንተላይ ገበን እዩ። ስለዚ ነዚ ዓቕሊ ተጸዋርነትና ዘጨርሽ እኩይ ተግባር ብሓደልቢ ክንኩኑኖ ጻዊዒትና`ኢዩ። ከምኡ`ውን ከም ህዝቢ ከም ደለይቲ ሰላም ይኣክል ክንብሎን ስጉምቲ ክንወስደሉን ከኣ ታሪኻዊ ሓላፍነትና ኢዩ።

ማሕበረኮም ኤርትራዉያን ኣብ ኦረብሩ እንበኣር እዚ ፍጻሜ እዚ ከም ዘሕዞኖን ከም ዘቕጥዖን እንዳገለጸ ምስኩለን ኤርትራዉያን ማሕበረስባት ብምኹን ንገበነኛታት ኣብ ቅድሚ ፍትሒ ክቐርቡን ንግብረሽበራ ከቃለስን መትከሉ ምዃኑ ደጊሙ የራጋግጽ።

ንግብረሽበራዊ ፍጻሜ ከኣ ደጊሙ ይኹንን።

ዓወት ንሓፋሽ
ኤረትራዊ ማሕበረኮም ኣብ ኦረብሩ።
2013-03-03